Fordons- och transportprogrammet



2011-02-24

# ፕሮግራም መኪናን መጎዓዝያን

TIGRINJA

Utbildningsinfo

Skolverket

ፕሮግራም ሆቴልን ቱሪዝምን። ናብ ሞያዊ ዲፕሎማ ዚመርሕ ፕሮግራም ሞያ እዩ፣

ፕሮግራም ሆቴልን ቱሪዝምን። ናብቶም ብቱሪዝምን። ንጥፈታት ሆቴልን ዋዕላን ኪሠርሑ ዚደልዩ ዚቐንዐ'ዩ፣

ነዚ ፕሮግራም'ዚ ዛዚምካ። ወይ ብቐጥታ ሥራሕ ትጅምር ወይ ከኣ ትምህርትኻ ኣብ ኮለጅ ሞያ ክትቅጽል ትኽእል፣ ትምህርትኻ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ክትቅጽል'ውን ኮርሳት ክትመሃር ትኽእል ኢኻ፣

## ኃሙሽተ ዝተፈላለዩ ኣንፈታት

### ኣተኣላልያ ኣቑሑ ንግዲ

- ብዛዕባ ኣተኣላልያ ኣቑሑ ንግድን ሎጂስቲክን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ። ከም ክኢላ መኽዘን ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

### ካሮሰርያ ን ቅብኣትን (ላኬሪን)

- ብዛዕባ ኣለኻኽያ ሕብሪ መኪና። ነፀርታ። ዕረያን ካሮሰርያን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ ከም ዓራይን ቀባእን ዚተጋጨዋ መካይን ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

### ተጻዓንትን ተንቀሳቐስቲ ማሽናትን

- ብዛዕባ ነፀርታ። ዕረያን ኣገልግሎትን ከበድቲ ተሽከርከርትን ተንቀሳቐስቲ ማሽናትን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ ከም መካኒክ ከበድቲ መካይንን መካኒክ ማሽናትን ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

### መኪና

- ብዛዕባ ነፀርታ። ዕረያን ኣገልግሎትን ፈኮስቲ ተሽከርከርቲ ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ ከም መካኒክ ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

### መጎዓዝያ

- ብዛዕባ ትምህርቲ ትራፊክ። መጎዓዝያን ሎጂስቲክን ትመሃር፣ እዚ ኣንፈት'ዚ ከም ዘዋሪ ኣውቶቡስን ተጸዓንትን ክትሠርሕ ዕድል ይኸፍት፣

## ኣብዚ ፕሮግራም እትመሃሮም ነገራት

ብዛዕባ ኣገጣጥማን ዕማማትን። ብዛዕባ ነፀርታ። ዕረያን ኣገልግሎትን ተሽከርከርት ትመሃር፣ ተሽከርከርቲ ብኸመይ ከም ዚግዕዛን። ኣቑሑ ንግዲ ኣብ መኽዘን ብኸመይ ከም ዚተሓዙን ትመሃር፣ ብዛዕባ ኮምፒዩተራትን ዳታን'ውን ትመሃር፣

ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ ዓቢይ ሚዛን ዚወሃቦም። እቶም ኣብ ምህናፅ ምሉእ ጥዕናን ምክልኻል መጉዳእቲ-ሥራሕን ዘገድሱ ሕቶታት ሃዋህው ሥራሕ'ዮም፣

## ኣሠራርዓ ናይ'ዚ ፕሮግራም ከም'ዚ ዚስዕብ ይመስል

ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። እቶም ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ እዞም ዚስዕቡ እዮም። እንግሊዝኛ። ታሪኽ። ስፖርትን ጥዕናን። ሕሳብ። ሳይንስ። ትምህርቲ ሃይማኖት። ማኅበራዊ ሳይንስ። ሽወደንኛ ወይ ሽወደንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ፣ ኣብ ፕሮግራማት ሞያ። ሓያሎ ትምህርትታት ሞያ ማለት ምስቲ ሞያ ፍሉይ ዝምድና ዘለዎም (ካራክተሽኤምነን ዚበሃሉ) ትመሃር፤ እቶም ኣብ መባእታዊ ትምህርቲ እትመሃሮም ዓይነታት ትምህርቲ ኸኣ ይንከዩ፣

ምስ ፕሮግራም ዚዛመዱ ሓባራውያን ዓይነታት ትምህርቲ （ካራክተሽኤምነን） እዞም ዚስዕቡ እዮም። - ጨንፈር መኪናን መጎዓዝያን ቴክኒክ መኪናን' ዩም፣

ኣብዚ ፕሮግራም ብፍሉይ ክእለት ክትውሕልልን ፍልጠትካ ክተግፍሕን ዕድል ኣሎካ፣ ትምህርቲ ምዕማቕ ድማ ይበሃል፣ ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወኪስካ ብዕምቈት ክትመሃሮም ትኽእል ዓይነት ትምህርትታት ዚውፍዩ እንተኾይኖም ኣረጋግጽ፣

ዝደለኻዮ ዓይነት ትምህርቲ ክትመሃር ዘኽእል ውልቃዊ ምርጫ' ውን ኣሎካ፣ ኣየኖት ኮርሳት ከም ዘለዉ ክትፈልጥ። ኣብታ ቤት ትምህርቲ ሕተት፣

## መልክዓት ሥራሕ

እዚ ፕሮግራም' ዚ ንውልቅኻ ወይ ምስ ካልኦት ሓቢርካ ጠቐምቲ ግድላት ካብ ምፍታሕ ዚተበገሰ' ዩ፣ ተበግሶ ክትወስድን። ክእለት መሃዝነትካ ክተማዕብልን ትዕለም፤ ትካል ከመይ ጌርካ ከምተካይድ' ውን ትመሃር፣ ብተወሳኺ። መደብ ከተውጽእ። ዚመደብካዮ ሥራሕ ክትዓምምን። ክትስንድን ብዘመናዊ ኣገባብ ዓይነቱ ከተረጋግጽን ትመሃር፣ ከመይ ጌርካ ንሥራሕ ዚምችኡ ኣገባባትን መሣርሕታትን ከምትመርጽ' ውን ትመሃር፣

## ሥራሕ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ （ዩምናሴኣርበተ）

ኣብ መዛዘሚ ፕሮግራም መኪናን መጎዓዝያን።በቲ ዚመረጽካዮ ሞያ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ሥራሕ ክትዓምም ኢኻ፤ ኣብዚ ሥራሕ' ዚ። በቲ ዝተመሃርካዮ ሥራሕ ንክትጅምር ዘኽእለካ ፍልጠት ከም ዚቐሰምካ ተርኢ፣

## ኣብ ሥራሕ ዝተወዝዐ ትምህርቲ

ሓደ - ሓደ ክፋላት ናይ' ዚ ትምህርቲ እንተ ወሓደ ን 15 ሳምንታት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ - ሥራሕ ይካየድ፤ ኣብ ሥራሕ ዝተወዝዐ ትምህርቲ (ኣርቤትስፕላትስፎርላግት ለራንደ APL) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። እዚ ኸኣ ኣገዳሲ መዳይ ናይ' ዚ ትምህርቲ' ዩ። ኣብ APL ብምንጣፍካ ተሞክሮታት ትቐስም፤ ብተወሳኺ' ውን ድሒርካ ሥራሕ ኣብ እተናድየሉ ህሞት ዚጠቕመካ ርክብን ሌላታትን ተጥሪ።

## ትምህርቲ ተልመደን

ኣብዚ ፕሮግራም' ዚ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ - ተልመደን （ለርሊንስኡትቢልድኒን） ምምራጽ ይከኣል' ዩ፣ እዚ ማለት ድማ። ሓደ ዓይነት ትምህርቲ እንዳቐሰምካ። እንተወሓደ ፍርቁ ክፋል ትምህርትኻ ኣብ ሓደ ወይ ሓያሎ ቦታታት ሥራሕ ተሕልፎ፣

## ክተስትውዓል ዚግባእ

እቲ ናብ ዩኒቨርሲቲ ዘእትወካ መሰረታዊ ብቕዓት/ነጥብታት ንኽህልወካ ምስ ትደሊ፣ ብዛዕባቲ እትወስዶ ዓይነት ትምህርቲታት መደብ ክተውጽእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ፡ ኣብቲ ውልቃዊ ምርጫ (individuella valet) ከምኡውን ነቶም ናብ ዩኒቨርሲቲ ንምእታው ብቕዓት ዚህቡኻ ኣድለይቲ ዚበሃሉ፣ ብቤትትምህርቲ ዝተዳለው ብዕምቈት ዚጽንዑ ፕሮግራማት፣ ነቶም ኮርሳት እቲኦም መሪጽካ ክትመሃሮም የድሊ እዩ፡ እቶም ካልኦት ብተወሳኺ ኣድለይቲ ዝኾኑ ክትወስዶም ዚግበኣካ ክልተ ዓይነት ትምህርቲታት ድማ፣ እቲ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ወይ እቲ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ከም 2ይ ቋንቋ ዚበሃልን፣ ከምኡውን እቲ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲን እዮም፡ እምበኣር ትምህርቲ ክትቅጽል መደብ ምስ ዚህልወካ፣ ብዛዕባ እዚ ጉዳያትዚ ብዝበልጸ ንምርዳእ፣ ምስ ኣማኻሪ ትምህርቲን ሞያዊ መስመራትን (studie- och yrkesvägledare) ርክብ ክትገብር የድሊ፡

ካልእ ተወሳኺ ኮርስ/ትምህርቲ ከም ምውስዋስ ኣካላትን ጥዕናን ዝኣመሰለ፣ ከምኡውን ኣብቲ ውልቃዊ ምርጫ ናይ ኤስቴቲክ ትምህርቲ ውን ክትመርጽ ኩሉ ግዜ መስል ኣሎካ፡